ናብ ኣገልግሎት ዜና ኤርትራ

ትማሊ ዕለት 24/04/2010 ደቂ-ኣንስትዮ ኻርቱም ንጉባኤ ንምክያድ ክሳብ ሕጂ ዝተገብረ ምቅርራብ ንምግምጋምን ናይ መስራቲ ጉባኤ ክካየደሉ
ዕለት ንምውሳንን ኣኼባ ኣካይደን፣ ኣብ መኽፈቲ ናይ'ቲ ኣኼባ ኣምባሳደር
ዒሳ ኣሕመድ ዒሳ ተረኺቡ፣ ብመጀመርታ ነታ ብደቂ ኣንስቲዮ ኻርቱም ዕድመ ቀሪቡለ ንሃ.ማ.ደ.ኤ ወኪላ ንካርቱም ዝመጸት ብጸይቲ ሳልሓ ሓላፊት ሃ.ማ.ደ.ኤ ጋሻ ባርካ እንኳዕ ብሓዳን መጻእኪ ብምባል፣ ገምጋም ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ወርሒ ዝተኻየደ መደብ ጥሙር መኸተ ገሊጹ ።

ኣምባሳደር ዒሳ ኣሕመድ ኣብ መግለጺኡ እቲ ኣብ መላእ ዓለም፣ ኣንጻር እቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተወሰነ እገዳ 1907 ዝተኻየደ ናይ መኸተ ስርሓት ዳርጋ 90% ከም ተዓመ እቲ ዝተኻየደ ስርሓት ዓለም ዘደናቀን ህዚቢ ኤርትራ ንሃገሩ ዘለዎ ፍቅርን ምስ መንግስቱ ዘለዎ ጽቡቅ ዝምድና ዝርአን ኣኽብሮት ንሓላፍቱ ዘርጋገጸ ምንበሩ፣ እቲ ንሰባትስ ንብረትን ምንቕስቓስ ንምእጋድ ብኮሚቴ እገዳ ናብ ባይቶ ጸጥታ ዝቀረበ ሓሳብ ብፍላይ ንኤርትራ ዝምልከት ተቀባልነት ስለ ዘይረኸበ ከም ተሰረዘ እዚ ዓቢ
ዓወት ንዲፕሎማሲ መስግስቲ ኤርትራ ምዃኑ

ደቂ ኣንስትዮ ካርቱም ብፍላይ ደቂ ኣንስትዮ ሱዳን ብሓፈሻ ኣብ ምዕዋት መደባት መኸተ ዓቢ ታራ ከም ዝነበረን ኣስሚርሉ።

ደቂ ኣንስትዮ ካርቱም ነቲ ተሪፉ ዘሎ ዕማማት መኸተ ንምዕዋት ብሓይሊ ክስርሓ ቁጣባዊ ዓቅመን ንምዕባይ ብሓባር ክስርሓ፣ ኣታዊታት መንግስቲ ኣብ ምእካብ  ሓያል ጻዕሪ ክገብራ ተላብዩ ።

ሎሚ ዘበን ዕለት  ባዓል ናጽነት ኣብ ሓደ ቦታ ኩሉ ፍታዊ ዝሳተፍ ብድሙቅ ክብዕል ናይ ደቂ ኣንስትዮ ተራ ዕዙዝ ስለ ዝኾነ፣ ነዚ
ባዓል'ዚ ዕውት ኮይኑ ክመጽእ ምስ ሽማግለ በዓላት ብምትሕብባር ክሰርሓ ብተወሳኺ ተላቢዮ።።

ብጸይቲ ሳልሓ ብወገና፣ ነቲ ዝተገበረላ ዕድመ ብመምስጋን ደቂ-ኣንስትዮ ካርቱም ብተባግስኤን ኣብ ከምዚ ደረጃ ምብጽሓን ኣሞጊሳ፣ ብተወሳኺ ብዛዕባ ቅዋም ማሕበርን ጉባኤ ንምክያድ ክሕለፍ ዘለዎ መስርሕን ክግበር ዝግባእ ምቅርራብን ስፊሕ መብርሂ ሂባ ።።

ደቂ ኣንስትዮ ብወገነን፣ ንመኸተ ንምዕዋት ኮነ መደባት መንግስቲ ንምትግባር ከም ወትሩ ምስ መሪሕ ወድብንን መንግስተንን ጠጠው፣ ከም ዝብላ ኣረጋጊጸን፣ መኸተ ንምዕዋት ብሓይሊ ክስርሓን በሪኽ ተራ ክጻወታ ምዃነንን ኣርጋጊጸን ።።